ሀ/ ብላታ ፍሡሕን ናይ ዓጋመ ገዛኢ ዝነበሩ ሹም ዓጋመ ወልዱን ዝተለዋወጡዎ[46] ማሰታት፣

<u>ብላታ ፍሡሕ፡-</u>

"ሓማደ ሱም ወልዶ ራባን ማሐ፣
ኣጋና ኣምሓርቲ ኒያግናሐ፣
ጉባ ኢ.ስላምቲ ኖድ ኣንዳሐ፣
ሓማደ ሱም ወልዶ ራባን ማሐ።"

(ትርጉም፡ "ሕማቕ'ዩ ሹም ወልዱ (ሹም ዓጋመ ወልዱ) እንክሞቱና፣ ብላዕሊ ትግራዋይ ክገንሐና፣ ብታሕቲ እስላማይ ከናግረና፣ ሕማቕ'ዩ ሹም ወልዱ እንክሞቱና"። ድኅሪ ሹም ዓጋመ ወልዱ ከምዘይጥዕሞም ንምግላፅ ኢ.ዩ)።

<u>መልሲ ሹም ዓጋመ ወልዱ፡-</u>

"ዳ'ባሊ.ሀ ኤልማርታም ማለክ፣
ሖዳ ባሊ.ሀ ሶ'ልታም ማለክ፣
ኣሳዕ ኢ.ሲ.ታ ሲኒዶሀ ማደክ።"

(ትርጉም፡ "ከም እምኒ ዝነብር የለን፣ ከም ኦም ደው ኢሉ ዝነብር የለን፣ ጸላኢኹም ኣለሊኹም ኣሳዕ በሉዎም ብእብረኹም")።

ለ/ ብ1824 ዓ.ም. ደጃች ሱባጋድስ ኣብ ማይ-እስላማይ (ተከዜ) ምስ ራእሲ ማርየ እንክዋግኡ ምስ ሞቱ፡ ዳት ኣሕማድ ዝተብሃለ እስላማይ ኣካል ዓሌቶም ዝኾነ ሱባጋድስ ድኅሪ ሞይቱ ኢሮብ ረዳት የብሎምን ኢሉ ሥልጣን ውስጣዊ-ምምሕድዳሮም መንጢሉ ክወስድ ካብ ጎንደር ተሸይመ ኢየ ቢሉ ምስ መጸ፡ ብላታ ፍሡሕ ዝበልዎ ማሰነ፡-

"ኦሆይዶ ኢ.ሮብ ባዲ ኤልረዳካ፣
ኦሆይዶ ሃሉዊ ኤልወዳካ፣
ዓይጋከ ዓውዲ ረዳካ፣
ሓሳባሉከ ኣራዕ ረዳካ፣
ዳት ኣሕማድ ታሀ ኣከዋይኒ ኮሀመዳካ"

ቢሎም ምቕራብ ከሊኦም ሰጕጕዎ።

(ትርጉም፡ "እንተኾነ ኢሮበታይ ይሸየመሉ፣ ከማኡ'ውን ህበይ ይንቅወሉ፣ ዓይጋን ዓውዳን ይሸየሙሉ፣ ወይ ከዓ ሓሰበላን ኣራዕን ይሸየሙሉ፣ ዳት ኣሕማድ እዙ ዘይኸውንስ ኣይኾነልካን ደኣሉ")።

[46] ሹም ዓጋመ ወልዱ ዓዲ ኢሮብን ከባቢኡን ይገዝኡ እኳ እንተዘይነበሩ ላዕሊ ኣብ ከበሳ-ዓጋመ ኮይኖም ሥልጣን ጨቢ.ጦም ኣካል ወዲ ሓወቦኦም ከም ምዃኖም መጠን ንሕዝቢ ኢሮብ ደገኖም ኢዮም ዝነበሩ፣ ስለዙይ ከዓ ኢዩ ንዙ ተጠቒሱ ዘሎ ማሰ ዝተለዋወጡ ዝበሃል።



ኣብ ዓዲ ኢሮብ ኣብ ከይዲ ማኅበራዊ ሥርዓት፡ ባህላውን ሕጋውን ሥርዓት ንዘፍረሰ ሰብ (በደለይና) ኣብ ኣኽባ ኣቕሪቦም ኣብ ማእከል ውዕሎ ከከም ዕቤት በደሉ ይቕጽዕዎ ነበሩ። ብፍላይ ኣብ ጊዜ ከቢድ ፍርዲ ንቱ ገበነይና ብኣረባ (ብጋባር) ፈሪዶም፣ ሞት ንዝግብኦ ሞት፣ ካሕሣ ንዝግብኦ ካሕሣ እናፈረዱ ጥፍኣቱ ብምግላፅ ኣብ ማእከል ውዕሎ ብይንን ቅጽዓትን ይፍጽሙሉ ነበሩ። እቱ ናይ ሞት ፍርዲ ይፍጸመሉ ዝነበረ ኣገባብ ከዓ "ኩምቲ ዳ" ይበሃል። "ሥሙር" "ማሕበራዊ" ፍርዲ ማለት ኢዩ። ኣብ ኣኽባ ኣቕሪቦም ገበኑን ፍርዱን ምስ ተገልፀ፡ ካብ ቤተሰቡ ሓደ መጀመሪያ እምኒ ምስ ደርበየሉ ኣብቱ ኣኽባ እተረኽቡ ኵሎም ከዓ ኢዶም ሓዊሶም ይድብድብዎ'ሞ ቅጽዓት-ሞት ይፍጸሞ ከምዝነበረ ይንገር። እዙ "ኩምቲ ዳ" ዝበሃል ኣፈጻጽማ ናይ ሞት መቕጻዕቲ ግን ሎሚ ንድኅሪት ክትምልከቶ እንከሎኻ ብቱ ወጽኣዊ መልክዑ ዘይሥልጡንን ጭካኔ ዝመልኦን ግብሪ ክመስል ይከኣል። እዙይ ከዓ ቅኑዕ ብቕኑዕ ካብ ኦሪታዊ ባህሊ ከምዝተወርሰ ኣየጠራጥርን (ዘዳግ.22:22። ሌዋ.20:20። ዮሓ.8:5)። ናይ ሞት መቕጻዕቲ ብሥርዓት ፍትሓብሄር እኳ ዝድገፍ እንተኾነ ኣብ ሥርዓት ክርስቲያናዊ ሃይማኖት ግን ኣይድገፍን። ምእንት'ዙይ ከዓ ኢዩ ሕዝቢ ኢሮብ ብሞራላዊ ትምህርቲ ክርስትና ምስ በሰለ ንዙ ዓይነት ኣባታዊ ናይ ሞት ቅጽዓት ባህሉ ቀስ ብቐስ ክገድፎ ዝኽኣለ። ይኹን ድኣ እምበር ኣዕሚቕካ ጽንሰ-ሓሳቡን ግብራዊ ትርጉሙን እንተረኣኻ ኣብዙ ሕብረተሰብ ፍትሕን ሕዝባውነት ማኅበራዊ ሥርዓትን ብቐደሙ ክንደየናይ ማዕቢሉ ከምዝነበረ ዘመልክትን ዘረጋግጽን ኣገባብራ ኢዩ ዝነበረ። እዙይ ከዓ ሕዝቢ ኢሮብ ጥራሕ ዘይኮነስ ጐረባብቱ ዝኾኑ ሕዝቢ ስርኵሶን ጕሎማክዳን "ሥርዓት ኣብዕልሸን ሓሪሻይን" ኣብ ዝብል ሕጎም፡ "ዝቐተለን ዘቕተለን ብሓባር ይቀተሉ" ዝብል ሕጊ ከምዝነበረ ዝዝከር ኢዩ። ብመሠረቱ "ናይ ሞት መቕጻዕቲ ክህሉ ይግባእዶ ኣይግባእን" ዝብል ሞራላዊ ክትዕ ካልእ ጉዳይ ኮይኑ፡ ሎሚ'ውን እንተኾነ ኣብ ሕጊ ናይ ዝበዝሑ መንግሥታት ዓለም ሠፊሩ ብዝተፈላለየ መልክዑ (ብኮረንቲ፣ ብጥይት፣ ብማሕነቕቲ፣ ብመርፍእ፣ ወዘተ.) ብግብሪ ይፍጸም ዘሎን ኢዩ።

እንካብ ጥንቲ ጀሚሩ ብ1928 ዓ.ም. ጣልያን ንኢትዮጵያ ክሳዕ ዝወርር፡ ካብ ኢሮብ ዘይውለድ ኣብ ኢሮብ ኣይሸየምን ነይሩ፣ ዝኾነ በዓል ሥልጣን ከዓ ኣይሾመሎምን። እቱ ሕዝቢ ሕዝባዊ ዋዕላ ገይሩ ተኣኪቡ ኢዩ "እገሌ ሓቀኛ ኢዩ ብጽቡቕ የመሓዳድረና ይለኣኽልና ኢዩ" ቢሉ ካብ ደቀባት ንዝመረጾ ሰብ ይሸይም ዝነበረ። ንቱ ዝተመርጸ